TIGRINJA

# መጽናዕቲ ተምሃራይ – ሓበሬታ ኣብ ዓመት 5–10 ንዘለዉ ተምሃሮ

**ኣብቲ ናይ ተምሃራይ| መጽናዕቲ ክትሳተፉ ምኽንኩም ተሰፋ ንገብር**
እቲ ናይ ተምሃራይ መጽናዕቲ ኣብ ቤት-ትምህርትኹም ብዛዕባ ዘሎ ትምህርትን ድሕነትን ሓሳብኩም ትህብሉ ዕድልኩም እዩ። ቤት-ትምህርትኹም፡ ምምሕዳር ከተማኹምን ከምኡ ድማ እቶም ሃገራዊ ሰብ-መዚ ንሕቶታትኩም ክዕቅቦምን ንቤት-ትምህርትኹም ካብዚ ሕጂ ዘለዎ ዝሓሸ ንምግባር ከኣ ክጥቀምሎምን እዮም። እቲ ናይ ኖርወይ ዲረክተርነት ንትምህርትን ስልጠናን ካብቲ መጽናዕቲ ንዝተረኽቡ ስታትስቲክስ ወይ ጸብጻብ ኣብዚ ዝስዕብ የቕርቦም www.udir.no

ተሳታፍነት ኣብቲ መጽናዕቲ ተምሃራይ ምሉእ ንምሉእ ወለንታዊ እዩ። ክትምልስዎም ንዘይትደልዩ ሕቶታት ክትሰግርዎም እውን ትኽእሉ።

**ንመስልታትኩም ንሕልዎም ኢና**
እቲ ናይ ኖርወይ ዲረክተርነት ንትምህርትን ስልጠናን ነቶም ኣብቲ መጽናዕቲ ተምሃራይ ትህብዎም መልስታት ብቑኑዕ ኣገባብ ምዕቃቦምን ኣብ ጥቕሚ ምውዓሎምን ናይ ምርግጋጽ ሓላፍነት ኣለዎ። Conexus ነቲ መጽናዕቲ ኣብ ምክያድ ነቲ ናይ ኖርወይ ዲረክተርነት ንትምህርትን ስልጠናን ይሕግዞ ንመልስታትኩም በቲ እቲ ዲረክተርነት ዝጠልቦ ኣገባብ ናይ ምምስራሕ ግዴታ ከኣ ኣለዎ።

ነቲ መጽናዕቲ ተምሃራይ ኣብ ትመልእሉ እዋን ስምኩም ክትህቡ ኣይክትሕተቱን ኢኹም። እዚ ድማ መን እንታይ መሊሱ ንምልላዩ ከቢድ ይገብሮ። ካብቲ መጽናዕቲ ንዝተረኽቡ ውጽኢታት ኣብ ምሕታም ጽኑዕ ሕግታት ግብራዊ ከም ዝኾኑ ንገብር፡ ንኣብነት ሓደ ካብኡ መምህርኩም ኮነ ወይ ዝኾነ ካልእ ሰብ ንመልስታትኩም ምሳኹም ከተኣሳስሮ ኣይክእልን'ዩ።

እቲ መጽናዕቲ ተምሃራይ ክካየድ ከምዘለዎን ከምኡ ድማ ተምሃሮ ኣብኡ ናይ ምስታፍ ዕድል ክውሃቦም ከምዘለዎምን ዝእዝዝ እቲ ናይ ኖርወይ ኣዋጅ ትምህርቲ እዩ። መን እንታይ መሊሱ/ሳ ስለዘይንፈልጥ፡ ነቶም ሕቶታትኩም ድሕሪ ምቕራብኩም ክትርእይዎም፡ ክትቕይርዎም ወይ ኣክከትክእሉን ኢኹም። እቶም መልስታት ኣድላዪ ክሳብ ዝኾነሉ ንውሓት ግዜ ክዕቀቡ እዮም።

እቲ ናይ ኖርወይ ኣዋጅ ውልቃዊ ሓበሬታ ካብቲ መጽናዕቲ ተምሃራይ ዝተረኽቡ መልስታት ንምርምርን ስታትስቲክስን/ጸባጽብን ኣብ ጥቕሚ ክውዕሉን፡ ኣብ ኣርካይቭ ክዕቀቡን የፍቅድ።

ነቶም ካብቲ መጽናዕቲ ተምሃራይ ዝተረኽቡ መልስታትኩም ክጥቀሙ ዝደልዩ ተመራመርቲ ንመሰላትኩም ክሕልውዎ ምእንቲ ብጽኑዕ ሕግታት ተማእዚዞም ዝኸዱ እዮም።

**ዝኾኑ ሕቶታት ኣለውኹም ድዮም፧**
እንተድኣ ብዛዕባ'ቲ መናዕቲ ተምሃራይ ዝኾኑ ሕቶታት ኣለውኹም ኮይኖም፡ ኣብ ቤት-ትምህርትኹም ንመምህርኩም ወይ ንዝኾነ ካልእ  ኣባል ስታፍ/ሰራሕተኛ ክትሓቱ ትኽእሉ። ተወሳኺ ኣብዚ ዝስዕብ መርበብ-ሓበሬታ (ብቛንቋ ኖርወይ ጥራይ) ክትረኽቡ እውን ትኽእሉ፥ www.udir.no/undersokelser ወይ ነቲ ናይ ኖርወይ ዲረክተርነት ንትምህርትን ስልጠናን በዚ ዝስዕብ ርኸብዎ፥

**ተሌፎን፥** +47 23 30 12 00
**ኢመይል፥** post@udir.no ወይ personvernombud@udir.no

ብዛዕባ'ቲ መጽናዕቲ ተምሃራይ ክህልኹም ዝኽእሉ ጥርዓናት/መረረታት ናብቲ ናይ ኖርወይ በዓል-መዚ ሓለዋ ሓበሬታ ክቐርቡ ኣለዎም። ተወሳኺ ንምፍላጥ፡ ናብዚ ዝስዕብ ብጽሑ፥
https://www.datatilsynet.no/om-datatilsynet/kontakt-oss/klage-til-datatilsynet

UU